# ጋዜጣታት ሃገር ሽወደን
# ንስርዓት ኢሳያስ ምቅላዕ ቀጺለንኦ ኣለዋ

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
04.04.2009

ካብ ዝሓለፈ ዕለት 27 መጋቢት 2009 ኣትሒዘን፡ እተን ፍሉጣት ዓበይቲ ጋዜጣታት ሽወደን፡ ብስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወርድ ዘሎ ሰብኣዊ ግህሰታት ብሰፊሑ ኣብ ምቕላዕ ቀኒየናሉ።

እቶም ኣርባዕተ ሓለፍትን ኣሰናዳእትን ናይተን ውሩያት ጋዜጣታት፡ ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ውድድራት ንግዜኡ ወጊዶም፡ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ዝሓለፈ 17 ዓመት ዝፈጸሞ ገበናት ኣብ ምቅላሕ ይርከቡ ኣለዉ።

ትማሊ 2 ሚያዝያ 2009፡ ኣርባዕቲኦም ሓለፍቲ ጋዜጣታት፡ ምስ ናይ ወጻኢ ጉዳያት ሚኒስተር ሽወደን ካርል ቢልድ ተራኺቦም ብዛዕባ ዳዊት ኢሳቕን፡ ካልእ ጉዳያት ኣልዒሎም ንነዊሕ ዘተዮም።

ሓደ ካብ’ቶም ጋዜጠኛታት፡ ብፍላይ ናይ ኤክስፕረሰን ዝተባህለት ጋዜጣ ኣሰናዳኢ፡ ነቲ ኣኼባ ምስ ሚኒስተር ወጻኢ ኣምልኪቱ ዕግበቱ ክገልጽ እንከሎ፡ “ንሕና ጋዜጠኛ ዳዊት ኢሳቕ ነጻ ክሳብ ዝወጽእ እቲ ዝጀመርናዮ ስራሕ ክንቅጽሎ ኢና” ክብል ቃል ኣቕሪቡ።

ዳገንስ ኒሄትር (ዕለታዊ ዜና) ዝተባህለ ጋዜጣ፡ ኣብ ናይ ሰኑይ ዕለት 30 መጋቢት 2009 ሕታሙ፡ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ናይ’ቲ ጋዜጣ፡ ምስ ሓንቲ ግዳይ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝኾነት ኤሪትራዊት ዜጋ ዝተኻየደ ቃል መሓትት ብሰፊሑ ሰፊሩ ይርከብ።

እዘን ሽወደናውያን ጋዜጣታት፡ ብኣውራ ንምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ተግባራቱን’ኳ ዝተቋወማ እንተኾና፡ ንህዝቢ ሽወደን ባህሪያት ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ብንጹር ከም ዝፈልጥ ገቢረንኦ ኣለዋ። ክሳብ ሕጂ ከኣ ኣስታት 150 ሽሕ ዝኾኑ ሽወደናውያን፡ ናይ ተቃውሞ ድምጾም ብክታሞም ገሊጾም ኣለዉ።

ነቶም ኣብ ከተማታት ስቶክሆልም፡ “ንሕና ንመንግስትና፡ መንግስታና ንዓና” እናበሉ ዝዕንድሩ ዝነበሩ መጣቃዕቲ፡ ብዛዕባ ኣየናይ መንግስቲ ይድብሉን ይስዕስዑን ምንባሮም ድማ መግትእን ልጓምን ኰይንዎም ኣሎ።

ኣብ’ዚ ሎሚ እዋን ብሰንኪ መላኺ ስርዓት ኣብ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ስቓይ ኣብ ጋዜጣ ዘንበቡ፡ ኣብ ሬድዮ ዝሰምዑ፡ ኣብ ቲቪ ዝተዓዘቡ፡ ንዝኾነ ኤርትራዊ ኣብ ዝረኽብሉ ግዜ፡ ብዛዕባ’ዘን ኣርባዕተ ጋዜጣታትን ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ከዕልሉ ልሙድ ኰይኑ ቀኒዩ።

እቲ ተቃውሞ ቀጻሊ’ዩ።